## ኣብ ከተማ የተቦሪ፡ መበል 19 ዓመት ጽንብል ናጽነት ክብ ብዝበለ ሰነርዓት ተኸቢሩ

### ”ብስራሕ ... ንምክት ንግስግሰ”

ብቀዳም 22 ጉንበት 2010 ኣብ ከተማ የቶቦሪ/ሽወደን ኣስታት 1500 ዓበይቲ፡ መንእሰያትን ህጻናትን ዝተኻፈልዎ መበል 19 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ”ብስራሕ... ንምክት ንግስግስ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ሓጎስን ፍስሃን፡ ሓያል ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎን ህዝባዊ በዓል ብዘንጽባርቕ ኣገባብ ብዓወት ተዛዚሙ።

ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ናጽነት ባይቶ ጸጥታ ዳግማይ እገዳ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ዝኣወጀሉን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እገዳ ንምፍሻል ጥሙር መኸተ ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ ናይ ጥምጥም እዋን ይጽምበል ምህላዉ ፍሉይነት ኣለዎ። ህዝቢ የተቦሪ ንጽምብል ናጽነቱ ኣብ ዝሰፍሐን ዝመቸኣ ቦታ ከብዕሎ፡ ንዝተኻየዱን ንዝተረፉ ዕማማት እገዳ ዝዝትየሉ ኣጋጣሚ ንምፍጣር ኣዋሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ካብ ወትሩ ንላዕሊ ብዓቢ ወጻኢ ኣዳራሽ ብምኽራይ፡ ህቡባት ደረፍቲ ብምዕዳም፡ ባህላውን ዘመናዊ መስተን መግብን ብምቕራብ ኢዩ ነዚ ጽምብል ኣዳልይዎ። ዝተፈላለዩ ዋዛን ቁምነገርን፡ ጽሑፋትን ግጥምታትን ብቛንቛታት ትግርኛ፡ ትግረን ዓርብን ተሰንዩ ኢዩ ጽምብል መደባቱ ኣካይዱ።

እቲ ዝያዳ ዓመት መጸ ትጽቢት ዝግበረሉ መደብ ምምራቕ ተመሃሮ ካላኣይ ደረጃ ሰዓቱ ምስ ኣኸለ ወለዲ፡ ዓበይቲ፡ መንእሰያትን ህጻናትን ብዓቢ ኣቓልቦ ምስ ሙሉእ ዕልልታን ሆታን ካብ ዝጅምር ክሳብ ዝውዳእ ተኻይዱ። እዚ 30 መንእሰያት የተቦርን ከባብን ን10፡ይ ግዚኡ ዝተኻየደ መደብ ምምራቅ ተመሃሮ ከምቲ ልሙድ ካብ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ሪባን ባንዴራ ኤርትራን ፊዮርን ተሰሊሞም። ንሰለ ክብሮም ድማ ዘተዳለወሎም ናይ ደራር ግበጃ ተጋቢዞም። ኣስዒቡ ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ንኹነታት መኸተን ውጽኢቱን ብሓፈሻ ብደረጃ የተቦሪ ድማ ብፍላይ መግለጺ ተዋሂቡ። ብተወሳኺ  ነፍሰወከፍ ኤርትራዊ ሓንቲ ደብዳቤ ናብ ፕ/ ባራክ ኡባማ ንምልኣኽ ዝካየድ ዘሎ ወፈራ ንኽዕወት ኩሉ ሰብ ክሳተፎ ነቶም ኣብቲ ስራሕ ዝተዋፈሩ መንእሰያት ከተሓባበርዎም ለበዋ ተዋሂቡ። ቀጺሉ ማሕበራት የተቦሪ በብተራ ናይ ድጋፊ መደረ ኣቕሪበን። ብፍላይ ብትሕቲ 12 ዝዓመተን ህጻናት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሃገር ብዝፈረዩ ውጽኢት ኢደ ጥበባት ናይ ፋሽን ሾው ቀሪቡ። ብዘይካዚ ብመንእሰያት የተቦሪ ዝቖርባ 2 ፕሮጅክትታት ንድሕነት ትራፊክን ምሕብሓብ ዘኽታማት ህጻናት ኣብ ኤርትራ ብሓጺር መረዳእታታት ተዋሂቡ።





ስዒቡ በቲ ወጺኡ ዝነበረ መደብ መሰረት ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ብዝኸሪ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙር ኩሎም ጸንበልቲ ብሓባር ብምዝማር ተጀሚሩ። ኣቦ መንበር ኣዋሃሃዲ ሽማግለ በዓላት የቶቦሪ ኣቶ ንጉሰ ሓድገምበስ ንጸንበልቲ ናይ እንቋዕ ብድሓን መጻእኩምን እንቋዕ ናብ መበል 19 ዓመት ናጽነት ኣብጻሓና ድሕሪ ምባል ንኹሉ እቲ ጽንብል ክዉን ንምግባር ካብ ወፈያ ክሳብ ግብራዊ ስርሓት ናይ ገንዘብ፡ ንዋትን ጉልበታዊ ተሳትፎን ኣበርክቶን ንዝገብሩ ማሕበራትን ውልቀሰባትን ብምምስጋን ድሙቕ ጽንብል ናጽነት ክኾነልና ብምትምናይ መደርኡ ዛዚሙ።

ብድሕሪ እዚ ቃል መዓልቲ ናጽነት ብኣቦ መንበር ጉጅለ ህግደፍ ኣቶ ኣሮን ጻውሎስ ብትግርኛን ኣቶ ዓብደላ ማንታይ ብዓረብን ተነቢቡ። ኣብ መወዳእታ ንኽብሪ ጽንብል ናጽነት ተቀሪቡ ዝነበረ ቶርታን ሻምፓኝን ብደቂ ኣንስትዮ ብምቕራስን ብምትኳስን መደብ ጓይላን ሳዕስዒትን ቀጺሉ። ህቡብ ድምጻዊ ፍጹም ዮሃንስ ምስ ወናማት ሙዚቀኛታት ጊታሪሰት ሚመጣዕን ሳኽሲፎኒሰታ ተኽለ ነጋስን ንጽምበል ናጽነት ዘንጸባርቕ ትንፋስ ዘይህብ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ሙዚቃ ህዝቢ ክሳብ ዝዓግብ ኣጻዊቶም።

ኣብዚ ጽምብል ብወ/ሮ ጽዮን ጎይቶኦም ዝተሰርሐት ንሕሉፍ ቃልሲን ንመጻኢ ራህዋን እተገልጽ ዓቢ መልእኽቲ ዝሓቖፈት ኢደ-ጥበብ ተወፍያ ኣብ ጨረታ ድሕሪ ምውዳቕ ብ 4000 ክሩነር ኣቶ ኣማረ መኮነን ተዓዊቱ ወናኒኣ ኮይኑ።




ኣብዚ በዓል ካብ ኣህዛብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዙሓት መንእሰያት ኦጋዴን ተሳቲፎም ምስ መዛንኦም መንእሰያትና ተላለዮምን ብሓባር ተዛነዮም።
ጽንብል ናጽነት ኣብ የቶቦሪ ካብ ሊድሾፒን፣ ስካራ፣ ቦሮስ ዮንሾፒን ካልእ ርሑቕ ከባቢታት ሓዊስካ ብዓይነትን ብዝሕን ካብ ወትሩ ብዝተፈለየ ኣገባብ ልክዕ ሰዓት 02፡00 ብዓወት ተዛዚሙ።

እንቋዕ ናብ መበል 19 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብቃዓና።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣዋሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ከተማ የቶቦሪ።